## ኤ.ዲ.ኪ ባይታ፡ መቃለሲ
## ህሉው ኩነታት ኤርትራ እዩ !

ካልኣይን
መወዳእታን ክፋል

ኤ.ዲ.ኪ ባይታ ንቃልሲ ህሉው ኩነታት ኤርትራ እዩ ! ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ቅድሚ ምእታወይ ኣብ ዝሓለፈ ተወንዚፉ ዝሓለፈን፡ ገገለ ድማ ድሒሩ ዝመጸ ርእይታትን መገልጽን ንቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ቅሩብ ውሽክ ኣቢለ ክሓልፎን መብርሂ ክህበሉ ሓሳበይ ቀጺለ እገልጽ።

*ብዙሓት ብሰንኪ ጻዕቒ ስርሓትን ሕጽረት ግዜ፡ ንደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ብዝወሰዶ እዋን ኣብ ምንባብ ምስልካይ ከም ዝረአ እፈልጥ፡ እርዳእ'ውን። ግን እቲ ጉዳይና ኣብ መደምደምትኡ ክሳብ ዝበጽሕ ብካልኦ ሓደሽቲ እዋናውያን ጉዳይ ንክንዛራረብ መሰጋገሪ ክሳብ ንረክብ ብኡ ክንዛረብን ተመሳሳሊ ጽሑፋት ነቐፈታ ጫውጫው ቆይቒ ክትሰምዑን ግድነት'ዩ እኳ እንተዘይበልኩ ከምኡ ኪጋጥም እዩ። መሰልና ክሳብ ዘይረኸብና ብመሰልና ክንዛረብ ድማ ይገብረና። ምእንቲ'ዚ እዛ ጽሕፍቲ ቅሩብ ንዋሕ እንተበለት ብዓቕሊ ክትንብዋ እምሕጸነኩም።* ***ብሰንኪ ምድንጓይ ካልኣይ ክፋል ድማ እቕረታ እሓትት።***

**ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል**

እዞም ሉዓሚ ዕቃበታት ዘለዎም
ውድባት፡መሪሕነትን፡መሰረታትን
ኣባላት 4+1
ጸረ ሓድነት ድዮም ?

ዝብል ኣርእስቲ ከም ዝነበረ ከዘኻክር እፈቱ፡ ቀንዲ ነዚ ብቀጻሊ ዘጽሕፈኒ ወይ ዝኽጽሕፍ ዝድርኸኒ ሓይሊ ንምቅዋም ዘይኮነ ነቲ መባእታዊ ሰብኣዊ ናይ ምሕታት ፡ ምድጋፍ፡ ምንቃፍ፡መሰል'ዩ ክሳብ ውልቃዊ፡ ጸለመን ዘይተላዕለ ። እቲ ክሕተት ዘለዎ ምስ ምሉእ ጭብጢ ኣብ ሕጋውን ስርዒታውን ኣገባብ ክሳብ ዝተመርኮሰ ቅኑዕ ሕቶ ኮይኑ፡ ኣብ ኣገባብ ኣመላልስኡ ነቲ ዝብልከቶ ኣካል ይግደፍ። እቲ በዚ ሕቶ ኣቢሉ ዝረአ ምጥርናፍን ዘይምጥርናፍን ከኣ ካብ'ቲ ዝመጽእ መልሲ ይርከብ ወይ ክፍለጥ ይከኣል። ኩሉ ግዜ ኣብ ጥርጣረን በላ በልዉን ወረ ዝተመርኾሰ ክሳብ ዘይኮነ።

ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዝጠቐስክዎ፡ ኣነ ኣብ ሓፈሻዊ እንተዘይኮይኑስ ኣብ ዝርዝራት ሕቶ ኣትየ ከም ኣባል ንስለ ዘይኮንኩ ክሓትት ንስለ ዘይግበኣኒ፡ ግን እቲ ጉዳይ ነዞም ብጽሑፍ መክልዕ ወግዓዊ መግለጺ ዘርጊሖምልና ዘለዉ ግዱሳት ጨንፈራት ብስርዒታውን ሕጋውን መሰላቶም ተጠቒሞም ንሕቶታቶም መልሲ ንክረኽብሉ ንምትብባዕእዩ።

ነዚ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንህዝቢ ምዝርግሖም ዓብይ ጠቃምነት ኣገዳስነትን ዘለዎ ኮይኑ ነዚ ስጉምቲ ክወስዱ ምሕላኖም ክሙጎሱ ዘለዎም እዩ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ድማ ክልመድ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ግን ከኣ ከም'ቲ ኣብ መግለጺኦም ዝሓበርዎ ንሃረርታ ሓድነትን ስርዒትን'ምበር ንሃልኪ ኽኸውን ከም ዘይብሉ እዩ። ጥብቆ መገልጺ በዚ ዝስዕብ ዕለታት ዝተዘርግሐ ርእ።

**17 ሓምለ 2005 ወግዓዊ መግለጺ ኤ.ህ.ም ጨንፈር ዓባይ ብርጣኒያ**
**21 ሓምለ 2005 ወግዓዊ መግልጺ ኤ.ህ.ም ንኡስ ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲ.ሲ**

እዚ ምትእኽኻብ 4+1 እቲ ብመሰረታት፣ ብጉዳይ ፍሉይ ህዝባዊ ሕቶታት ዝግደስ ሓይልታት፣ ብፍላይ ድማ እቲ ብተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ዝፍለጥ ሕሉፍ ተመክሮታት ናይ ምፍንጫሉ ድምጺ መሰረታት ክስማዕ ነይርዎ ብዝብል ዘበገሶ ምፍንጫል ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ኣብ ሓድነት 4+1 ክርእዮ ዝነበሮ መንጸብርቕታን ጽልዋን ሓንቲ ከም ዘይነብረ እንሆ ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ ኣሎ።

መሰረታት ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ሎሚ ኣብ'ዚ ብዕለት 22 ክሳብ 23 ሰነ 2005 ዝተኻየደ ስሩዕ ኣኼባ ጉዳይ ሰለተ ውድባት ሓቲቶምምን ኣይሓቲቶምን ኣይኮነን እቲ ዘገድስ ምኽንያቱ እቲ ስምረት ወይ ሓድነት ኣብ ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ጥራሕ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ነቲ ብሕኑን ዝተበገሰሉ ልዑል ኣገዳስነት ዝነበሮ <u>ሕቶታት መሰረታት</u> ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ ዝዋስእሉ ሓድነቱ ንመሓዙት ውድባት ከጠንቕቆም ዝግብእ ከም ዝነበረ ከም ነጥቢ ክተሓዝ ዘለዎ እዩ።

ካብ'ዚ ሕቶ ዝፍለ ግን ብጉዳይ ቅድመ መስርሕ ሓድነትና ንዛረበሎም ጉዳይት፣ ኣብ ሓድነት ዘሎና ቅሩብነትን ክብሪ ሓድሕድን ብዝምልክት እዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ጉዳይ ሓድነትን ተመሳሳሊ ጉዳያት ኣብ ትቀረራብሉ ግዜ ትሓስቦን ትብሎን ጉዳይ ጥራሕ ኣይኮነን ከተሓሳስበካ ዘለዎ፣ጉዳይ'ቲ ትዛመዶ ውድብ ኮነ ማሕበር'ውን ልክዕ በቲ ደርጃ ጉዳይካ ክትርእዮ ትኽእለሉ ክትመዝኖ ክትኽእል ኣሎካ። በዚ ድማ ነቲ ኩሉ ከቢቡና ዘሎ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣገናዚብና እንተቀረብና ኣብ ዝሓሸ ውዕልን ምስምማዕን ክንወድቕ ንኽእል። እንተዘይኮይኑ መዋጽኦ ዘይርከቦ ምስ ዝኸውን ከኣ ብዓንተብኡ እቲ መስርሕ ክሳብ ዝበስል ካብ ኣዋጃትን ውሳኔታትን ካልእ ስጉምቲ ምውሳድ ክንጥንቀቕ ይገብረና።

4+1 ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮኦም ኣብ ዝሰፈሐ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ምንቅስቓሳቶም ዝፈጸምዎ ጌጋታት ሎሚ ክመሃሩሉን፣ ንህዝቦም ድማ ኣብ ዝመጽእ ኣሰራርሕኦም ብግሉጽነቶም ክኽሕስዎ ይግባእ።

እዚ ዝድምናታት ውድባት ብዛዕባ ኣብ ውሽጡ ዝካየድ ምቅርራባትን ምትሕንፋጽን ጥራሕ ኣይኮነን ለኻኺሙ ክሽይድ ጸኒሑ፣ ናይ መበል 18 ፈስቲቫል ዘለዓልዎ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ፣ ከምኡውን'ን ኣብ መበል 19 ፈስቲቫል ካስል ስምምዕ 4+1 ኣብ ምዕርፎ ከም ዘይብጽሐ ክመሃሩ ይግባእ። ብፍላይ ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ'ዚ መስርሕ ብዝገብርዎ ተደጋጋሚ ጌጋታት ክእረሙን፣ ብቀዳምነት ንውድቦም ርግኣትን (Stability) ምትእምማን (confident) ክፈጥሩ ዘልዎምን ድሕሪኡ ጉዳይ ኩልና ከልዕሉ ከም ዘለዎም ጥራሕ'የ ዝርኢ።

ነዚ ከብለኒ ዝኸኣለ ድማ ነቲ ቅኑዕ ታሪኻዊ ተበግሶ ፈስቲቫል ኣብ ዝተፈላልየ ዓመት ብዝተፈላልየ፣ መደባት(Projects) እንዳውጽኡ ዝመርሕዎ ዘለዉ ኣይግድን ዘብል ብምኳኑ እዩ። ኣብ ቀድማይ ክፋል፣ ብዝሓለፈ ፈስቲቫላት ከይኣክል ሎሚ እዚ ደጊሞም፣ ንዓመታ'ውን እንታይ ከም ዝብሉና ኣይፈልጥናን ክብል ዝጸሓፍክዎ፣ ንዓመታ ዝተጸብኽዎ ደግሲ ብኡ ንብኡ ፈስቲቫል ካስል ብኤ.ዲ.ኪ ክካየድ'ዩ ክብሉ ጸኒሖም እንሆ ድማ ሓድሽ ኣጀንዳ ኣልዓሎም ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር'ዩ ብማለት ብዕለት 20 ሓምለ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤርትራና ሓድሽ መደብ ዘርጊሖም ይርከቡ።

እዚ ምስ ምንታይ ይቁጸር፣ ንሃገራዊ ዋዕላስ ይትረፍ መዓልቲታት ዓመታት'ኳ ንኽትዳለወሉ ዘሸግርስ፣ ብኣፈ ኣርክቡ ዝግበር ሃገራዊ ዋዕላ እንታይ ክመስል እዩ? ደሓር እቲ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ምሕዝነት በቲ ኣብ መበል 18 በዓል ፈስቲቫል ካስል ዝተወደበ ክቅጽል እንተኾይኑ ጉዳዩ ንበዓል ኣቶ ቀለተ ኪዳነ ምሕታት ወይ ጽሑፋቶም ምንባብ ይሓይሽ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ዝሃለወለ ኩነታት ፈርስቲቫል ካስል ሰሪሑ ድዩ ሃገራዊ ዋዕላ ንኢ.ዲ.ኪ ከቅርበሉስ ወይ ከመይ'ዩ ኩነታቱ ክርደኣካ ኣየኽእልን'ዩ።

ብዝኾነ ካብ'ዚ ዘሎ ገምጋማት ካብ'ቲ ፍሽለት ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ በጺሖምዎ ዘለዉ ምውጻእ ካብ ኣበዩ፡ በቲ ህዝቢ ንምድንጋር ዝገብርዎ ዘለዉ ተደጋጋሚ ግጉይ ሓበሬታ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ጉዳይ ኤ.ዲ.ኪ ንሳቶም ካብ ውድባት ሓደ ድምጺ ዘለዎም'ምበር ንስለ ስም ኤ.ዲ.ኪ ተጠቒሞም ፈስቲቫል ምግባርዎም ንግንባር ኤ.ዲ.ኪ ወኒኖምዎ የስምዕ ኣይኮነን ።
ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ዝግበር ድማ በዚ ሒዘምዎ ዘልዎ መንገዲ እንትርፎ ክሳራ ሓንቲ'ኳ ብዘይም መሓዙት ውድባት ከም ዘይከስብሉ ንባዕላቶም ኣጻርዮም ሓደ ብሓደ ይፈልጡ እዮም።

ካልእ ፍልይ ዝበለ ተወሳኺ ምድንጋራት ዝግበር ዘሎ በዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ እዩ።

## ኣቶ ብርሃነ የማነ ነቲ ብግንባር ድሕነት ኤርትራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተበጸሐ ስምምዕ ንኣባላት ማእኸላይ ባይቶ ሰለስተ ውድባት ኣብ ካርቱም መብርሂ ሂቡ

ጋልፍ ኢንፎርመሽን ሰንተር(ጋኢሰ)
ሓምለ 16, 2005
ካርቱም

ኣቦ መንበር ላዕለዋይ መርሒነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንን ኣቦ መንበር ሰደገኤን ኣቶ ብርሃነ የማነ(ሃንጆማን) ነቲ ብኣቦ መንበራት ሰለስተ ውድባት ማለት ኣቶ ዓብደላ ኣደም፤ብዶክተር በየንን ኣቶ ብርሃነ የማነን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተበጸሓ ስምምዕ፡ ኣብ ካርቱም ንዝርከቡ ማእኸላይ ባይቶ እተን ሰለስተ ውድባት ካብ ሓምለ 14-15, 2005 ኣብ ዝተገበረ ሰሚናር መግለጺ ሂቡ።ኣብቲ ሰሚናር ናይ ኣስታት ሓደ ዓመት ተሞክሮ ግንባር ሓድነት ኤርትራን ኣብ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ ዝበጽሖም መደምደምታን ውሳነታትን ከምእውን ናብ ፍጹም ሓድነት ዘምርሕሉ መገዲ መብርሂ ከምዝተዋሃበ ኣቶ ዑቕባይ ተኽሉ ሓላፊ ቤ/ጽ ካርቱም ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንጋልፍ ኢንፎርመሽን ሰንተር ሓቢሩ።

ኣኼበኞታት ብወግኖም ነቲ ዝተዋሃበ መብርሂ ብምሰማዕ፡ ናይ ዝሓለፈ ጉዕዞ ግንባር ድሕነት ኤርትራ ብደቒቕ ገምጊሞም።ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ኣፈናዊ ርክብ ከምዝሓለፈ መሰናከላት ንከይገጥሞ ምስቲ ሃንቐውታ ህዝቢ ንስምረት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነፍሰውከፍ ኣባል እዘን ውድባት ካብ ዝልዓለ መርሒነት ክሳብ ዝተሓተ ካድር ደቂቕ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክበጽሖምን ብቐጥታ ተሳታፍነት ክህልዎምን ድሕሪ ምልባው፡ ኣባላት ሰለስቴኤን ውድባት ኣብ ሕጋዊ ኣኼባታተን ክዝትያሉን ብክትዕ ሃብቲሙ ወሳነ ሓሳብ ንኽህባሉን ዕድል ክዋሃቦም ኣተሓሳሲቦም።

ነቲ ብኣቦ መንበራት ሰለስተ ወድባት ተበጺሑ ዘሎ ውሳነ፡ በብደረጅኡን በብቦትኡን ንኣባላት እተን ሰለስተ ውድባት መግለጽን መብርህን ንምሃብ ኣቶ ብርሃነ የማነ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ መርሒነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንካርቱም ምእታዉ ይዝከር።

ብልክዕ ኣቶ ብርሃነ የማነ ኣቦ መንብር ኤ.ዲ.ኪ እዩ። ግን ንሱዳን ብዛዕባ ስምረት ሰለተ ውድባት ክገልጽ መምጺኢኡ ብኪዳን ከም ዝተላእከ ኮይኑ ተጻሒፉ ከም ዘሎ እዩ ዘረድእ።

ኣቶ ብርሃነ የማነ ክሳብ በቲ ኪዳን ዘይተላእከ ንኪዳን ብቐጥታ ኣብ ዘይእቱ ጉዳያት መዝነት ኪዳን ንጎኒ ክተርፍ ኣለዎ። ወይ ኣቶ ብርሃነ የማነ ካብ'ዚ ከም'ዚ ዓነት ምንቅስቓሳት ክቁጠብ ዘለዎ ኮይኑ ይስማዓኒ። እንተዘይኮኑ፡ ኣቦ መንበር ላሕለዋይ መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ ብርሃነ የማነ ፈስቲቫል ካስል ክሳተፍ'ዩ፡ ብጻይ ብርሃነ የማነ ብጉዳይ ሓድነት ሰለተ ውድባት መግለጺ ክህብ ካርቱም ኣትዩ ዝብል መግለጺ መደናገሪ ሓበሬታ እዩ።

በዚ ድማ ዝደናገር ኣሎ ኣይብልን። ምናልባሽ ንግዜኡ ሰባት ክግርሁን ይኽእሉ ይኾኑ።
ኣብ'ዚ ክኽሕዶ ዘይክእል ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ፣ ንሱ ድማ እቲ ድሌትን ሓሳብን ርእይቶ ኣቶ ብርሃነ የማነ እዩ። ንናይ ገዛእ ርእሱ ሓሳባትን ርእይቶን ድሌትን ግን ብስም'ቲ ናይ ሓባር ተሰኪምዎ ዘሎ ቦታን ሓላፍነትን ክዋሳእ ንህዝቢ ከብጽሖ ዝኽእል ሓበሬታ ግጉይ ከይኸውን ምጥንቃቕ ከም ዘድልዮ ንምምልካት'ዩ።

ኣብ ቀንዲ ጉዳይ ክኣቱ

## ኤ.ዲ.ኪ
## ባይታ፣ ንቃልሲ ህሉው ኩነታት
## <u>ኤርትራ እዩ !</u>

ኣብ'ዚ መድረኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝሓልፎ ዘሎ ኩነታት ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ዝሓለፈ ግዜ ንላዕሊ ብሩህን ንጹርን ኮይንሉ እዩ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ድማ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓደ ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ንምስግጋር ተሳታፍነትን ሓይልን ዓቕምን ኩሉ ኤርትራዊ ልዑል ተገዳስነት ዘለዎ ኩነታት ኮይኑ ጠለባት ሃገራውያን፣ ኣብ ሓድነት፣ ኣብ ነገራዊ ኮነ ሞራላዊ ደገፋት፣ ሓድሽ ሓሳባት፣ ደገፍን መእረምታን ኮታ ነዚ ደምበ ተቃውሞ ንቅድሚት ፍሕት ከብሎ ዝኽእል ኩሉ መዳያቱ ተሳታፍነት ይደለ ምህላዉ እዩ። ኣብ'ዚ ዝካየድ ሓባርዊ ቃልሲ እንተስ ብሓባርዊ ውሳኔትን ተረድኦን ይኹን'ምበር ንእሽቶይ ዘበሃል ነገር ከም ዘየልቦ ምፍላጥ ትደላይነት ኣለዎ።

ኤ.ዲ.ኪ ናይ ዝሓለፈ 14 ዓመት ድሕሪ ነጻነት ዝተራእየ ምፍንጫላትን ሓድሕድ ምርሕሓቓትን ኣዕናዊ ምዃኑ ተፈሊጡ ብዘየካ ሓድነትን ሓባርዊ ባይቶን ካልእ ከም ፐክሥል።ውጺኢት እዩ። ኤ.ዲ.ኪ ብዕድመኡ ንኡስ ግንባር ብምኳኑ ብዙሕ ጉድለታት ክህልዎ ግድነት እዩ። ግን ካብ'ቲ ዝሓለፈ፣ ንኣብነት ከም ሃገራዊ ምሕዝነት ፍልይ ዘብሎ፣ ቅርጽን ሓላፍነት ላዕለዋይ መርሕነትን ዘነጸረ ብዝተሓተ ስምምዕ ዝምራሕ ቻርተር ዘጽደቐ ብምዃኑ እዩ።
ካልእ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳይ ድማ ነጻነት ኣባላት ውድባትን፣ ኣብ'ቲ ውሽጢ ኤ.ዲ.ኪ ዘለወን ዕቃበታት ከመዝገበን፣ ብዘለወን ፍልልያት ኣብ ህዝበን ወጺኤን ክዛረባሉ ዘኽእል ስምምዕ ምህላዉ እዩ። እዚ ግን እቲ ኤ.ዲ.ኪ. ከም ዘለዎ እንዳቐጸለ ንዘነበረ ምፍልላያት ንህዝቢ ክሕበር ምፍቃዱ፣ ካብ'ቲ ሓደ ናይ ግሉጽነት መተከል ከም ዘለዎ ዝሕበር እዩ።

ኤ.ዲ.ኪ. ሎሚ ሓደ መቃልሲ ቦታ መድረኽን እሞ በቲ ኩለን ውድባት ዝተሰማምዓሉ መንገዲ ተስፋ ሓድነታዊ መስርሕ ክቕጽል እንዳተገብረ፣ ንፍልልያትን ዕቃበታትን ክዝረብ ነጻነት ዝህብ ፈላሚ ዲሞክራሲያዊ መሰላት ውድባትን መሰረታትን ኮይኑ፣ እታ ጽባሕ ንርከባ ኤርትራ ናይ'ዚ ኣካይዳ ተምሳል ክትለብስን፣ ኣብ ሕግን ስርዓትን ክትጋባእ ዘኽእል ምዃኑ እዩ።

ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ንጹሩን ግሉጽን መንገዲ ተስፋ ስራሓት ሃገራዊ ጉዳይ ክትቕጽል፣ ክትጓሰ፣ ክትሕሎ ዘለዋ ሓድነታዊት ፖለቲካዊት ተኸሊ ተቃውሞ ሓይልታት እያ። ብመንጽር ዝሓልፍናዮን ንሓልፎ ዘሎና ሓደ ሓደ ዘይብሩህ ኣካይዳ መስርሕ ተቃወምቲ ሓይልታት ነዛ ብተምክሮ ዓባይ ግን ብኣወዳድብኣ ሓዳሽ ተኸሊ ኤ.ዲ.ኪ ክትህሰ ዘይትክእል ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ ብሕጂ ዝመጽእ ጸጋማትን ምፍልልያትንስ ይትረፍ፣ ነዚ ሎሚ ክሳብ ብሰንኪ ሕሉፍ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎናን ሳላ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ሽግራት ንምፍታሕ ዝኣክልን ዝተረፍን ዓቕሚ ብቕዓታት ዘህልኽ ስራሓት ኣሎ። በዚ

መሰረት ድማ ንጸገማትና እንዳንደልናን እንዳነከናን ካብ ምኺድ ካልእ ዝተረፈና ምርጫ የልቦን።

ዘሎ ዓቕምን ተኽእሎን ግዜን ኩነታትን ንሽግራትና ኣብ ምጉዳሉን ምንካዩን ኣብ ክንዲ ንሰርሓሉ ብኣንጻሩ፡ ነቲ ድሮ ተጠሩዩ ዘሎ ተመክሮታት ንምጉዳምን፡ ንምትዕንቃፍን ዝስራሕ እንተኾይኑ ኣብ ኤርትራ ህዝባዊ መንግስቲ ንምትካል ምድካም ድርብ ቃልሲ፡ ድርብ ስራሕ ከም ዝድሊ ዝየጠራጥር እዩ።

ከመይ ? ሕጂ ከም'ዚ ንርእዮ ዘሎና ነቲ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብ ካብ ቦታ ንቦታ፣ግዜን፡ ዓቕሚ ሰባትን ከድልዮን ክምደበሉን ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኩሉ ኣድህቦ ናብኡ ክዋፈር'ዩ። እዚ ዝዋፈር ዘሎ መደባትን ስራሓትን ብማዕረ ማዕረ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ መዓልታዊ ዝደማምር ወይ ተደራራቢ ሽግራት ንምእላዩ ዝሃቖነ እንተኾነ፡ ክልተ ዓማምትን ክልተ መደባት ስራሕ ከም ዘድልዮ ዘይዝንጋዕ እዩ። ምናልባሽ ዝምድናታት ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ሓደ ደረጃ ዕብየትን ኣብ ሓደ ደረጃ ገምጋማትን ሚዛንን ነቢሩ እንተዝኾውን፡ ሓደ ኣንፉ ንቕድሚ ኣንጻር ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ መቕነዐ እቲ ኩነታት ግን ከም ኣይጸንሐን።

ኤ.ዲ.ኪ ኣብ'ዚ እዋን ልግስና፡ ተራድኦ፡ ሓድሽ ሓሳብ፡ ተሳታፍነት ኩሉ ኤርትራዊ ዘድለይሉ እዋን እዩ። ኤ.ዲ.ኪ ሓደ ብዓይነቱ ኣብ'ቲ ናህሪ ተቓውሞ ሓልታት ዝጅምረሉ ዘሎ መበገሲ ህብዛዊ ስልጣን ንምትካል ምኺኑ ክርሳዕ የብሉን። እዚ ዓይነት ምትእኽኻብን ምጥርናፍን ምስ ኩሉ ክህሉ ዝኽእል ጉድለታትን ነቓፈታትን ባይታ ንቃልሲ ህሉው ኩነታት ኤርትራ እዩ ! በኣብ'ዚ ሓደ ዝተወሰነ መድረኽ ምትእኽኻብ ሓደ ዝተወሰነ ዕግበት ኣመራርሓ ቃልስ ክረአን ነዚ ድማ በቲ ኣሎ ዝበሃል መራኽቢ ንምድልዳሉን ንምዕኳኹን ጻኦርታት ክካየደሉ ይግባእ። ውድባት ኣብ'ዚ ክሊ ኤ.ዲ.ኪ ሒዝዎ ዘሎ ቦታን ውሽጣዊ ነጻነትን ከዕ ብዮን ከደንፍኦን ነፍሰ ተኣማንነት ከጥርየሉን'ምበር፡ ጌጋታት ክፍጽም ኣይግብኦን። እቲ ኩሉ ንዕብየት እዚ ምንቅስቓስ ዝሓሊ ድሮ ነፍሰ ተእማንነት ኣሕዲሩ ዘሎ ውድባት ንጽባሕ ንግሆ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ መፍረዲኡን ምስክሩን'ዩ። እቲ ብኣንጻር'ዚ ተግባራት ዝሰርሕ'ውን ከምኡ። ግን እቲ ፍልልያት ኣብ መንጎ ምህላውን ዘይምህላውን፡ ምስ'ዚ ሎሚ ንርእዮ ዘሎና ናይ ኣተሃላልዋ ስእሊ ዘይዛመድ ተማሊድካን'ውን ዘርከብ'ዩ።

ምስ ሕሉፍ ተመክሮታትናን ነዊሕ ከይከድና ኣብ ኣመራርሓ ሃገራዊ ምሕዝነትን ኤ.ዲ.ኪን ብዘሎ ፍልልያትን ክረአን ክግምገምን ይኽእል። ነዚ ፍልልያት ኣብ ቅድመኻ ሰርዕካ ድማ ምንጽጻሩ ብጭቡጥ ድማ እዚ ኣወዳድባ ከምጽኦ ዝኽእል ጠቕሚ ምርዳእ እዩ።

ታሪኽና “ ከም ዛንታ'ቲ ስሱዕ ከልቢ” ኣብ ኣፉ ዝነበረ ጮማ ዘጥፈአ ከይኽውን ድማ ኤ.ዲ.ኪ ብሓሊዮት ኩሉ ብማዕረ ኩሉ ዝዋሳኣሉን ድምጹ ዝህበሉን መስርዓት ሕጋጋትን ክነሰንዮ ይግባእ።

እዘን ሎሚ ብስም ኪዳን ኣብ ዞባታት ፍጭራዕ ዝብላ ዘለዋ ጉጅለታት ነዚ ጉዳይ ማዕረ ክንደይ ሰራም ዝኾነ ንግርጭታት ዘናኽስ ባርዕ ያኣጉዳ ከም ዘለዋ ክፈልጣን ክስቆረንን ይግባእ።

ኤ.ዲ.ኪ ካብ ዘየነብረ ምጥርናፍ ኣብ ምቅርራብ 16 ውድባት በጺሑ ኣሎ። ብልዕሊኡ ብዝኸይድ ስምምዓትን ምቅርራባትን ሃልዮ ህዝቢ ንዘለዎ ኩሉ ድማ ዘየንፍግ ደሞክራሲያዊ ምቅርራባት ከም ዝኾውን ክንጽዕረሉን ክንቃለሰሉ ዘሎና ጉዳይ እዩ።

ብኣንጻሩ'ውን ኣቶም ሓባርዊ ወይ ዝተመሳሰለ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ክቀራረቡን ክተሓንፈጹን ነቲ ብዝሓ ቁጽሪ ክዳን፡ ስራሓትን መደባትን ግዜን ዘጻብብ ኣድማዒ

ስርሃት ክስራሕ ንርእዮ ዘሎና እዩ፣ እንትርፎ እቲ ግሉጽነት ዝጎደሎ። በዚ ድማ ባይታ ኤ.ዲ.ኪ፣ ባይታ ኤርትራ መደብ ህልዊ ቃልሲ ከም ዝካየደሉ ኣሚና ክንከይድ ይግባእ።

ኣብ'ዚ ገገለ ውድባት ብዘለዎም ናይ ምጥርናፍ መሰል። ንዕብየቶምን ተመክሮኦምን ዝረስዑ ክመስሉ ዝረኣይሉ እዋን፣ ዕብየት ተበጺሑ ዘሎ ውዕልን ቻርተርን ረሲዖም መጠን ነፍሶም ውድቦምን ከትዓባብዩ ዝረኣዩ ኣብ ዘይድለ መንገዲ ከምርሑ ኣይግባእን።

ዕብየት ማንም ውድብ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ፣ ብኤ.ዲ.ኪ ዝተረኽበ ምዃኑ እንሆ ዝኮነ ውድብ ንባዕ ሉ ኤ.ዲ.ኪ ቢሉ ክሰሚ ከም ዘይክእል ኣፍሊጡና ኣሎ። ዕብየት ውድባት ድማ ኣብ ርእሰ ተኣማንነትን ዓቕልን ምጽውዋርን ዘገምታን፣ ንዕብየት ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ብዘለዎ ተሳትፍነትን ተወፋይነትን ጥራሕ ከም ዝምዘን ክፍለጥ ኣለዎ።

ዕብየት ነፍሲ ወከፍ ውድብ ድማ ብዕብየትን መጠን ኤ.ዲ.ኪ ክረአን፣ ብኡ ክስራሕን'ምበር በዚ ሕጂ ዘሎ ኣወዳድባ መሰረት ኣብ ዕብየት ሓደ ውድብ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ ለውጢ የብሉን። ኩሉ ብማዕረ ክሰርሕን ብማዕረ ክነጥፍን ኣለዎ። ነቲ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ክህልዎ ዝኽእል ተቐባልነት ድማ እቲ ዘየነበሮ ብደረጃ ህርኩትነቱ ሰዓቢ ክረክብ፣ እቲ ስዓብቲ ዝነበሮ ድማ መልሲ ክጉልብትን ክዓብን፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ሓድሕድ ብዘረጋገጾ ስምምዕን ኣላዝቦን ኩሉ ክኸስብ'ምበር ክሳራ ተሓንጊጡ ከምዘይውጻ ምፍላጥ የድሊ። እንተ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ ክሊ ኪዳን ከም ተደናጋጽን ወኪል ሓድነት ካብ ኤ.ዲ.ኪ ድማ ካልእ ብምስራሕን ተንኰል ብምፍሓስን፣ ሎሚ ዘየተረኽበ ፍርይያት ቃልሲ ከም ዝተረኽበ ገቢርካ ብዛዕብኡ ክትሓስብን ክትሓልምን ኣይግባእን።

ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ለውጢ ባህሊ ቃልሲ ንህዝቢ ጫፍ ኣንኪሱ ኣሎ። ኣብዝ'ኢ ጫፍ ንቕሓትን ተመክሮን ዝኑኸሰ ድማ ቅድሚ ብጾቱ ከይሓልፍ ድሕሪት ድማ ከየተርፍ ተሓላልዩ ክሳብ'ቲ መስመር ምርካብ ህዝባዊ ስልጣን ብልዑል ተጸዋርነት ክሓልፎ ዘለዎ'ዩ። መክሰብ ኩሉ ድማ ኣብዝ'ኢዩ ዝረጋገጽ።
እቶም ብዓበይቲ ውድባት ዝተዓብለሉ ክይኑ ዝስምየም ውድባት፣ ካብ'ዚ ስምምዕ ንድሕሪ ክምለሱ ዘይብሎም ቀዳሞት ተጠቕምቲ ድማ ንሳቶም ምዃኖምን እንተኾነ ብማዕረ ብዝተረፈ ልዕሊ'ተን ብተዛማዲ ዓበይቲ ዝበሃላ ውድባት ክሰርሑን ክነጥፉን ብኩሉ መዳያት ኽህልዉ ዝግብኦም ምዃኑ ርዱእ እዩ።

ኤ.ዲ.ኪ ብዘልዎ ትሕዝቶን ኣካይዳን ኩለንተንኡ ዝተመርጸ ዘብሎ እቲ እዋናዊ ኩነታትን ምስ ዝጸንሐ ሃለዋት ኩነታት ተቃውሞ ሓይልታት'ዩ። ጉድለት የልቦን፣ እቲ ኣሎ ዝበሃል ጉለታት ካብ ባሕሪ ጭላፍ'ዩ ተላዒሉ ክበሃል'ኳ ዘይከኣል እዩ።

እዚ ዓበይትን ኣገደስትን ጉደልታት ድማ ኩሎም ኣባልት ውድባትን ኤ.ዲ.ኪ ይፈልጡ እዮም። ነዚ ሓበሬታ ድማ ንዝህቦ ከምሓላልፉን ንህዝቦም ከስምዑን ተላኢኾም ኣለዉ።

ካብ'ቲ ቀንዲ እዋናዊ ዕማም ኤ.ዲ.ኪ ነዚ ንህዝቢ ንምፍላጥን፣ ንህዝቢ ንምሕባር፣ ህዝቢ ድማ ኣብ'ዚ ኤ.ዲ.ኪ ዘካይዶ ዘሎ ስራሓት እጃሙ ፈሊጡ ንክጻሎ ዝገብሮ እዩ።
እዚ ዓይነት ኣካይዳ ድማ ንዓና ከስርሓን ዝኽእል እዩ ዝብል እምንቶ ኣሎኒ።

## መደምደምታ

ኣብ ታሪኽ ፖለቲካዊ ተምክሮ ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ግዜ ዓብይ ተርኽቦ ሓድነት ካብ ኢድና ኣምሊጠን፣ምትእኽካብ ኤርትራውያን ኣብ ቀጽሪ ነጻነትን፣ ምትእኽኻብ ውድባት

ኤርትራን ኣብ ክሊ ሓደ መሪሕነትን ባይቶን ስምምዕ መስከረም ወይ ውዕል ዕስራ ጥቅምቲ እዩ።

እንሆ ድማ ሎሚ ግዜኡ ዝተራሓሓቐ ግን ተምሳል ዘለዎ ምምቕርራብ ኣካላት ተቃወምቲ ሓይልታት ኣብ ጽንኩር ኩነታት ኣብ መባእታዊ ስጉምቲ ይርከብ። ነዚ ተረኺቡ ከይኸሰርን ከም ናትና ክንሕብሕቦን ንሳልሳይ ግዜ ልዳት ረጊጽና ንረከብ፣ ምእንቲ'ዚ ፣

ከም'ቲ ልዕል ክብል ዝጠቐስክዎ ኤ.ዲ.ኪ ባይታ ንቃልሲ ህሉው ኩነታት ኤርትራ እዩ ! ምኽኑ እንተደኣ ተኣሚንሉ፣ ኤ.ዲ.ኪ ዘይበሎን ዘይገበሮን ኤ.ዲ.ኪ ከም ዝበሎ ኣምሲልካ ምዝራብ ክተርፍ፣

ሕልቕና ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ'ምበር ውድባት ብስም ኤ.ዲ.ኪ ብደርጃ ዞባታት ንውድባት ዝኣክሉ ከገድዱን ጉዳይ ከይመርመርካ ጸረ ሓድነት'ዶ ህ.ግ.ደ.ፍውያን ወ.ዘ.ተ. ወ.ዘ.ተ ምባል ክተርፍ፣

ላዕለዋይ መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ ነዚ ጉዳያት ሃደገኝነቱ ርእዩ ፍሉይ ፍታሕ ክገብረሉን፣ ንንጥፈታትን ዓበይቲ ጉዳይ ዘርኢ ፍሉ መምርሒ ከዳሉን ካብ ዝሓለፈ ተመክሮ ክእለን ክመሃርን ይግባእ።

ኤ.ዲ.ኪ ውሽጣዊ ጸጥኡን ጥርናፍኡን ብዝምልከት፣ ብዝኾነ ጭብጢ ዘይብሉ ጉዳይ ዝቓሰል ከም ዘይኮነ ከፍልጥን ከስምዕን ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ጉዳይ ስርዒታውን ሕጋውን ጉዳይ ልዕሊ ኩሉ ተገዳስነት ስለ ዘለዎ።

እቲ ኩሉ ብባዋኑ ንኤ.ዲ.ኪ ብዝምልከት ዝቀርብ ሓሳባትን ነቐፈታን ደገፍን፣ ሕቶታት ድማ ከም ኣድላይነቱ ንህዝቢ ይኹን ንካልኦት መልሲ ክዋሃበሉ ምግባር።

ክሳብ ሕጂ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ኤ.ዲ.ኪ ብጻይ ሓሰን ከሊፋ፣ ክፍሊ ዕዮ ዜናን ሓበሬታን ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፣ ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብጻይ ኣሕመዳ ናስር፣ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብዘካየድዎ ስርሓት ኤ.ዲ.ኪ ማዕረ ክንደይ ክዕወትን ከይዕወትን ኣብ ውሽጡ ሓቁፍዎ ዘሎ ፍረ ክረአ ይኽእል።

እዚ ክሳብ ሕጂ ከም'ቲ ዝድለዮ ሓገዝ ከይረኸበ እዚ ኣድማዒ ስርሓት ዝሰርሐ ውድብ ምስ ሙሉእ ሓገዝን ተሳታፍነት ህዝብን ጽባሕ ኣበይ ክበጽሕ ምኺኑ ርዱእን እዩ።

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ ድማ ክፍሊ ዕዮ ዜና ነዚ ትካል ንምምዕባል ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ ብዕለት 15 ሓምለ ናይ ዜናዊ ዕዮ ካድራት ኣሰልጢኑ።

ኤ.ድ.ኪ ናይ ዜናዊ ዕዮ ካድራት ኣሰልጢኑ
ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
15.07.2005

እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ምስክር ናይ'ቲ ክምስረት ዘለዎ ዲሞክራሲያዊ ህዝባዊ መንግስቲ ናይ ጽባሕ ዘርኢ ምኺኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ እቲ ውድብ ኪዳን ክንምርምሮን ክንፈልጦን ዘሎና እዚ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ትካላት ፈሊጥና፣ ሓገዛትማም ደገፋትናን ድማ ማዕሪኡ ክስጉም ንኣባላት ውድባትን መሰረታቶምን ንህዝቢ ምሕጽንታይ የቕርብ።

ንመሰልካ ተቓለስ

**25 ሓምለ 2005**
**ኣንቶንዮ ተስፋይ**